**Global Storybooks**

globalstorybooks.net

ንጕማረታት ጸጕሪ ኣልቦ ዝገበሮም ምኽንያት

Basilio Gimo, David Ker
Carol Liddiment
Daniel Berhane Habte

This work is licensed under a Creative Commons Attribution 3.0 International License.
https://creativecommons.org/licenses/by/3.0


# ንጕማረታት ጸጕሪ ኣልቦ ዝገበሮም ምኽንያት



Basilio Gimo, David Ker
Carol Liddiment
Daniel Berhane Habte

2

ትግርኛ ti



ሓደ መዓልቲ፡ ማንቲለ በቲ ገምገም ፈለግ ይዛውን ነበረ።



ጉማረ’ውን ኣብኡ ነበረት፡ ትዛወርን ገለ ልሙዕ ሳዕሪ ትበልዕን።



ጕማረ ነቲ ማንቲለ ኣብኡ ከምዝነበረ ኣይርኣየቶን'ሞ ብወዝቢ ኣብ እግሪ ማንቲለ ረገጸት። ማንቲለ ነታ ጕማረ እናወጨጨ፡ “ኣቲ ጕማረ! ኣብ እግረይ ረጊጽኪ ከምዘለኺ ክትርእዪ ኣይትኽእልን?” ክብላ ጀመረ።





ናይ ጕማሪ ጸጕራ ብምንዳዱ ማንቲለ ተሓጐሰ። ክሳብ ሕጂ ድማ፡ ካብ ሓዊ ብምፍራሕ፡ ጕማረ ብፍጹም ካብ ማይ ኣርሒቓ ኣይትኸይድን እያ።



ጉማረ እናኣእወየት ናብቲ ማይ ክትጐዪ ጀመረት። ኩሉ ጸጉራ በቲ ሓዊ ሓሪሩ እዩ። ጉማረ ብኽያታ ቀጸለት፡ “ጸጉረይ ብሓዊ ነዲዱ! ኩሉ ጸጉረይ ረጊፉ! እዚ ጽቡቕ ጸጉረይ!”





ጉማረ ንማንቲለ ከምዚ ኢላ ይቕሬታ ሓተተቶ፡ “ኣይትሓዘለይ። ኣይርኣኹኻን። በጃኻ ይቕሬታ ግበረለይ!” ማንቲለ ግና ክሰምዕ ኣይከኣለን ንጉማረ ድማ፡ “ደይመደይ ኢልኪ ዝገበርክዮ እዩ! ሓደ መዓልቲ፡ ክትርእዪ ኢኺ! ዕዳኺ ክትፍደዪ ኢኺ!” ክብል ኣንጸርጸረላ።



ማንቲለ ንሓዊ ክረኽቦ ከደ፡ ከምዚ ድማ በሎ፡ “ኪድ’ሞ፡ ጉማረ ሳዕሪ ኽትበልዕ ካብቲ ማይ ምስወጸት ኣንድዳ። ረጊጻትኒ እያ!” ሓዊ ድማ፡ “ጸገም የለን፡ ማንቲለ ዓርከይ። ልክዕ ከም ዝሓተትካኒ ክገብር እየ።” ኢሉ መለሰሉ።





ዳሕራይ፡ ጉማረ ካብቲ ፈለግ ርሒቓ ሳዕሪ እናበልዐት ከላ፡ “ሽው!” ሓዊ ተባሪዑ ሃልሃል በለ። እቲ ሃልሃልታ ነቲ ናይ ጉማረ ጸጉሪ ከንድዶ ጀመረ።